ቤት ጽሕፈት ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ኤርትራ
ERITREAN CATHOLIC SECRETARIAT (Er.C.S)

2/4 Digsa Street-178
P.O.Box 1990
ASMARA-ERITREA
Tel. 120514/125000
Fax +291-1-120070
E-mail: ercsec@tse.com.er

ኣስመራ፡ 26/5/2021
ASMARA
ቁጽሪ፡ 12.03/152/2021
Ref. No

ናብ ኣቶ ሰመረ ርእሶም
ሚኒስተር ሚንስትሪ ትምህርቲ
ኣሥመራ

**ጉዳይ፡ <u>ምህጋርን ምዕጻውን ኣብያተ ትምህርቲ ካቶሊካዊት ቤተክርስቲያን ኤርትራ</u>**

ክቡር ሚኒስተር፥

*"ካብ እግዚኣብሔር ኣቦናን፣ ካብ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን ጸጋን ሰላምን ምሳኻትኩም ይኹን" (ኤፌ 1:2)* ።

ካቶሊካዊት ቤት ክርስትያን ቅድሚ ክልተ ሽሕ ዓመት፣ ብኢየሱስ ክርስቶስ ካብ እትትከል ኣትሒዛ፡ንደቅሰብ ከተገልግል እዩ ዓላማኣ። እዚ ከኣ እቲ ተልእኮኣ ካብ መንነታ እዩ ዚፍልፍል ማለት እዩ። ከምቲ እቲ ዝተኸላ መድኃኔ ዓለም ክርስቶስ እውን ኣብዚ ምድሪ ከሎ ንሰባት ዚገብሮ ዝነበረ፣ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ድማ፡ ብዘይሌላን ጉሌላን ናይ ሃይማኖት ይኹን ዓሌት፡ ወይ ቋንቋ፡ ንሕዝቢ ብመንፈሳዊ ኮነ ብሥጋዊ ሕይወቱ ምሉእ ኣገልግሎት ብምሃብ ኣገልጊላ፣ ገናውን ተገልግል ኣላ። ኣብ ሃገርና ኤርትራ'ውን ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን በዚ መትከል'ዚ ኢያ ንሕዝቢ ኤርትራ ኣገልጊላን እተገልግል ዘላን፡፡ ኣብ ጊዜ ጸበባ ኮነ ራህዋ፡ ካብ ጎኒ ሕዝቢ ከይተፈልየት ኩሉ ዚከኣላ እናገበረት ትርከብ።

ብ2018 ዓ.ም. እውን ናይ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ከምዝተወርሳ ዝዝክር እዩ፥ ሕጂ ከኣ ተሪፈን ንዝነበራ ካብ መውዓሊ ሕጻናት ክሳብ ማእከላይ ደረጃ (Junior) ኣብያተ ትምህርቲ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ናይ ምውራስን ምዕጻውን ስጉምቲ ተጀሚሩ ኣሎ። ኣብዚ ዝሓለፈ ኣርባዕተ ሰሙን ሚንስትሪ ትምህርቲ፣ ኣብ ኩለን ዞባታት; ነዘን ዚስዕባ ማእከላት ትምህርትና ብምዕጻው ወይ ብምህጋር ስጉምቲ ወሲዱ ኣሎ።

ንኣብነት ዝኣክል ገለ <u>ዝተሃገራ ወይ ዝተዓጽዋ ኣብያተ ትምህርቲ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ኣብ ኤርትራ ክንጠቅስ፣</u>

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| 1. | መባእታ ቤት ትምህርቲ፣ መድኃኔ ዓለም | ዓሰብ | ? | ኤጳርቅና ሰገነይቲ |
| 2. | መውዓል ሕፃናት፣ መድኃኔ ዓለም | ዓሰብ | ? | " " |
| 3. | መባእታ ቤትትምህርቲ፣ ጴጥሮስ ወጳውሎስ | ዓድፈኒዕ | ተሃጊሩ | " " |
| 4. | መባእታ ቤትትምህርቲ፣ ኪዳነ ምሕረት፣ | ዓላ ላዕላይ | ተሃጊሩ | " " |
| 5. | መባእታ ቤትትምህርቲ፣ ኣስተርእዮ ማርያም | ማይሓራሳት | ተሃጊሩ | " " |
| 6. | ማእከላይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ፣ ብፁዕ ገ/ሚካኤል | ተከላቢ | ተሃጊሩ | " " |
| 7. | መውዓል ሕፃናት፣ መድኃኔ ዓለም | ጊንዳዕ | ተሃጊሩ | ርእሰ-ኤጳርቅና ኣሥመራ |
| 8. | መውዓል ሕፃናት ቅ.ዳኒኤል ኮምቦኒ | እምባትካላ | ተዓጺዉ | " " |
| 9. | መውዓል ሕፃናት፣ ቅ.ዳኒኤል ኮምቦኒ | ኣፍዓበት | ተዓጺዉ | ኤጳርቅና ከረን |

ገና ደኣ ኣይተተግበረን እምበር፣ ኣብ ኤጳርቅና ባረንቱ ሓንቲ፣ ኣብ ኤጳርቅና ከረን 16፣ ኣብ ርእሰ-ኤጳርቅና ኣሥመራ ድማ ክልተ፣ መባእታ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ከውሰዳ ምኺንን እውን ብወግዒ ተሓቢሩ ኣሎ።

ስለዚ፣ ከም መትከል፡ ንመሰላ ዘየኽብር፣ ፍትሒ ዝገደሎ ስለዝኾነ፣ ነዚ ብመንግሥቲ ዝውሰድ ዘሎ ስጉምቲ፣ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ኤርትራ ትቃወሞ። ምኽንያቱ ከኣ፥

1. ከም ሃይማኖትን ከምዜጋታትን ንመላእ ሕዝቢ ኩሉ መዳያዊ ኣገልግሎት ከይንህብ ዚኸልክለና ስለዝኾነ፡
2. ስድራቤታት እውን ደቀን ናብ ዝመረጽአን ኣብያተ ትምህርቲ ከይሰዳ ዕድል ዚነፍግ ስጉምቲ ብምዃኑ፡
3. ከም ኣገባብ'ውን እንተኾነ ምስ ላዕለዎት ሓለፍቲ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ኤርትራ ልዝብ ወይ ዘተ ዘይተኻተለ፡ ብኃይልን ብጐነጽን ዝተገብረ ብምዃኑ፥

4. ከምቲ ኣብዝሓለፈ ጊዜያት፡ ብካቶሊካዊት ቤተክርስቲያን ዝተሓንጸን ኣብ ኣገልግሎት ሕዝቢ ብዚነኣድ ኣከያይዳ ንሕዝቢ ብዘይ ዝኾነ ናይ ብሔር ይኹን ዓሌት ወይ ሃይማኖት ኣፈላላይ ብንጡፍ የገልግላ ንዝነበራ ትካላት ጥዕና ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን፡ ንገሊአን ዓጺውካ ንዝተረፋ ከኣ ብጎነጽ ድሕሪ ምህጋር፣ እተን ኣብያተ ሕክምና ኮነ ኣብያተ ትምህርቲ ናይ ሕዝቢ እምበር ናይ ቤተክርስትያን ንብረት ዘይምዃነን ብገለ ሰበ-ሥልጣን መንግሥቲ ኪዝርጋሕ ተፈቲኑን ይፍተንን ኣሎ። እዚ ንሕዝቢ ዘዳናግርን ካብ ሓቂ ዝረሓቐን ዘረባ እዩ። ንሕና ካቶሊካውያን ጳጳሳት ኤርትራ እዚ ጉዳይ ኣተሓሳስባ ምዃኑ ብኣጋኡ ከነመልከት ግቡእ እዩ። ኣብያተ ትምህርቲ ኮነ ኣብያተ ሕክምና ናይ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን፣ ንሕዝቢ ከተገልግል ኢላ ብገንዘባ ብባህጊ ዝሓነጸተን ንብረታ ከምዝኾና፣ ብዘየማትእ መንገዲ ንፈታውን ንጸላእን ከነፍልጥ ንፈቱ። ኩሉ ጊዜ ከኣ ብኃይሊ ዝተወሰደ ንብረታ ክምለሰላን፣ ተልእኮኣ ክትፍጽም ክፍቀደላን ካብ ምሕታት እውን ኣይክተዕርፍን እያ። እዚ ዝህገር ወይ ዝዕጾ ዘሎ ንብረታ ገለ ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ ገዳም ገለ ከኣ ካብ ገዳም ወጻኢ ዘሎ ሕንጻታት ምዃኑ ፍሉጥ እዩ።

5. ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ከተስምረሉ እትደሊ ሓሳብ ድማ ንሕዝቢ እትህቦ ማኅበራዊ ኣገልግሎት፡ ምስ መንግሥቲ ንምውድዳር ወይ ንምትካእ ዘይኮነስ፡ ተሓባቢራ ንዝጎደለ ንምምላእን፣ ንሕዝቢ ከኣ ዝተማልአ ናይ ኣገልግሎት ስፍሓትን ምርጫን ምእንቲ ክትህብ እዩ። ብመሠረቱ ድማ፣ ከምቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮ፣ ንደቂ ሰብ ኩሉመዳያዊ ዕብየት ንኸጥርዩ፡ ካብ መንነታ ብዚፍልፍል ዓላማን ተልእኮን ጥራይ እትንቀሳቐስ ናይ ክርስቶስ ልእኽቲ ብምዃና እዩ።

በዚ ሕጂ ዚውሰድ ዘሎ ኮነ፣ ቅድሚ ሕጂ ብጎነጽ ብዝተወሰደ ንካቶሊካዊት ቤተክርስቲያን ኣገልግሎታ ዚግድብን ንብረታ ዚግብትን ስጉምትታት መንግሥቲ፡ ከም መራሕቲ ካቶሊካዊት ቤተክርስቲያን ኤርትራ መጠን፣ ኣዝዩ ከም ዘጎዘነናን ፈጺምና ከምእንቃወሞን በዚ መልእኽቲ'ዚ ንገልጽ። ንሕና ነተን ዝነበራ ከነማዕብልን ካልኦት ክንውስኽን እናበልና መንግሥቲ ከምዚ ዝበለ ስጉምቲ ኣብ ምውሳድ ምውፋሩ፣ ኣብ ታሪኽ ኤርትራ ብኣሉታ ዝዝከር ከምዝኸውን ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ኣብ መወዳእታ ከኣ ካቶሊካዊት ቤተክርስቲያን ኤርትራ፡ ሎሚ እውን ከም ወትሩ፡ መንገዲ ልዝብን ሰላምን ምርድዳእን ምክብባርን መትከላ ምዃኑ ብኣጽንዖት ከነዘኻኽር ንፈቱ።

እግዚኣብሔር ንሕዝብናን ንሃገርናን ይባርኽ !

**ካቶሊካውያን ጳጳሳት ኤርትራ**

<u>ቅዳሕ</u>

ንቤ/ጽ ሃይማኖታዊ ጉዳያት
ንዞባዊ ምምሕዳር
ንምኒስትሪ ፍትሒ